# ኣሰናዳኢት ሽማግሌ

## ህዝባዊ መጸዋዕታ

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብዚ መድረኽ እዚ ስትራተጂካዊ ኣድላይነት ከም ዘለዎ ኩሉ ተቓላሳይ ህዝብና ዝጽበዮ ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፖለቲካዊን፣ ስነ-ሓሳባውን፣ ሃይማኖታዊን፣ ባህላውን፡ ብሄራውን፣ ስናህሎን (ecology)፣ ኮታ ኩሉ ህዝቢ ብስምረት፡ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ባይቶ ክምልሶም ዝግብኦም ዝተፈላለዩ ሕቶታት ተንጠልጢሎም ስለ ዘለዉ ኢዩ። እዚ ዋዕላ ብዕምቆት ክዝትን፡ መሰረታዊ መልሲ፡ ንሕቶታትናን፡ ንመሰላትናን፡ ንመገዲ ቃልስናን፡ ንመጻኢናን፡ ክምልስ፡ ኣበርክቶ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኪኢላ የድሊ። ካብ'ዚ ተረድኦ ተበጊሳ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኩሎም ኤርትራውያን ደረስትን፣ ጋዜጠኛታትን፣ ፖለቲከኛታትን፣ ወዘተ.. ኣብዞም ኣብ ታሕቲ ተመልኪቶም ዘለዉ ዓንቀጻት ብሙሉእ ወይ ብኽፊል ከምኡ'ውን ብፍሉይነት ንመጽናዕትን ንዘተን ዝሕግዙ ጽሑፋት ክትልግሱ ብትሕትና ትጽውዕ። ጽሑፋትኩም፡ ኣብ መደምደምታ፣ ናይ ኣፈታትሓ ሓሳባት ዘካተተ እንተድኣ ኮይኑ ዝበለጸ ይኸውን። ጸሓፊ፡ ከም ምርጫኡ ቛንቋታት ትግርኛ፡ ወይ ዓረብ፡ ወይ እንግሊዘኛ፡ ክጥቀም ይኽእል።

ቀዳማይ ኣርእስቲ፡ ሃገራዊ ሓድነት፡

ሀ/ ትርጉም ሃገራዊ ሓድነት፡
ለ/ ታሪኻዊ ጽልዋ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡
ሐ/ ጂኦግራፋዊ ጽልዋ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡
መ/ መድረኽ ብረታዊ ተጋድሎ ሳዕቤናቱ ኣብ ሃገራዊ ሓድነት፡
ሠ/ ስርዓት ህግደፍ ዕንቅፋታት ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡ ( እምነታት፡ መሬት፡ ቅዋም፡ ትምህርቲ፡ ቛንቋ፡ ስቪላዊ ኣገልግሎት፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትን ቁጠባን ፖሎቲካን ወዘተ...)
ረ/ ተቓውሞ ሓይልታት ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡
ሰ/ ብሄራዊ ቓልሲ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡

ሸ/ ኣገዳስነት ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓድነት፡

ካልኣይ ኣርእስቲ፡ ክንውንኖም ዘሎና ኣገባባት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡

ሀ/ ንፖለቲካ፡ ዝምልከት፡
ለ/ ንዜና መዳይ፡ ዝምልከት፡
ሐ/ ንዲፕሎማሲያዊ መዳይ፡ ዝምልከት፡
መ/ ንህዝባዊ መዳይ፡ ዝምልከት፡
ሠ/ ንሰላማውን ጎነጽን መዳይ፡ ዝምልከት፡
ረ/ ካልኦት ተውሰኽቲ መሳርሒታት፡

ሳልሳይ ኣርእስቲ፡ ንመሰጋገሪ መድረኽ ክነረጋግጾም ዘሎና፡

ሀ/ ቅድሚ መሰጋገሪ ክግበሩ ዘለዎም ምድላዋት፡
ለ/ መሰጋገሪ መድረኽ፡
ሐ/ ዕማማት መሰጋገሪ መድረኽ፡
መ/ መስርሕ መሰጋገሪ መድረኽ፡

---

ጽሑፋትኩም፡ ቅድሚ ሚያዝያ 30.04.2010፡
ብኢንተርነት፡ encpc2010@gmail.com ወይ
ብኣድራሻ፡ P.O. 1143 (1110) Addis Ababa Ethiopia ክበጽሑ ነተሓሳስብ።

ንእሽቶ ተግባር ንሓደ ቃል ወይ ሓደ ንሓሳብ ኣብ ግዙፍ ፍጻሜታት ይቕይር!!

ኣሰናዳኢት ሽማግለ
ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ